# ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ
# ካልኣይ ሃገራዊ ዓውደ መፅናዕቲ ቋንቋታት ትግራይ

ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ ሚያዝያ 27-28/2009 ዓ.ም ካልኣይ ሃገራዊ ዓውደ መፅናዕቲ ቋንቋታት ትግራይ ክካይድ እዩ። ተመራመርቲ ÷ ኣብዚ ዓውደ መፅናዕቲ ስዒቦም ብዝርዝር ብዝቐርቡ ዛዕባታት ምርምር መፅናዕታዊ ፅሑፎም ከቕርቡ ይዕድም።

## ፩. ዛዕባታት ምርምር (Research Agenda)

- ታሪኻዊ ምዕባለ ስነ-ፅሑፋት ቋንቋታት ትግራይ
- ፀገማት ኣጠቓቕማ ሰዋስው ቋንቋታት ትግራይ
- ገምጋም መምህረ-መስተምህሪ መፃሕፍቲ ቋንቋታት ትግራይ
- ስነ-ቃላት ትግራይ ብመንፅር ማሕበራዊ ርክባት ተጋሩ ፥ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ፥ ሰናድነት ታሪኽ ፥ ፍልስፍና ተጋሩ…
- ኣበርክቶ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ኣብ ምዕባለ ስነ-ፅሑፍ ቋንቋታት ትግራይ
- ዓለምለኻውነት (ዓውሎማውነት) ከም ሓደጋ ምህሳስ መንነት ፥ ዕብለላ ቋንቋ ፥ ሃሰያ ታሪኽ ፥ ምጥፋእ ባህልን…
- ተፍታሽ መዛግብተ ቃላት ቋንቋታት ትግራይ
- ሂሳዊ ገምጋም መፃሕፍቲ ንባብ ንህፃናት
- ፀገማት ትግበራ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ኣደ (Mother Tongue Education) ኣብ  ቋንቋታት ትግራይ

## ፪. ዓውደ መፅናዕቲ ዝካየደሉ ጊዜ

ሚያዝያ 27-28 / 2009 ዓ.ም

## ፫. መረከቢ ጊዜ

(ሀ) ተመራመርቲ ካብ 200 ቃላት ዘይበዝሕ ማራ-መፅናዕቶም (Abstract) ክሳብ ለካቲት 27/2009 ዓ.ም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢመይል ይልኣኹ። danieldelina@gmail.com ወይ me12mak16@gmail.com

(ለ) ተቐባልነት ዝረኸቡ መፅናዕትታት ወይ ምርምራት ብሃርድ ኮፒን ብሶፍት ኮፒን ክሳብ መጋቢት 28/2009 ዓ.ም ናብ ቤት ፅሕፈት ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ ኣታዊ ይገብሩ።

## ፬. ክፍሊት

ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ ተቐባልነት ንዝረኸቡ መፅናዕትታት ወይ ምርምራት ዋንነት ናብ ኢዱ ኣእቲዉ ንተመራመርቲ ተመጣጣኒ ክፍሊት ይኸፍል።

መዘኻኸሪ ÷ ዝለኣኹ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ቅድም ክብል ኣብ ዝኾነ ይኹን መድረኻት  ዘይቀረቡን ኣብ መፅሄታት ምርምር ዘይተሓተሙን ክኾኑ ይግባእ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ÷ ቁፅሪ ስልኪ +251914717599
+251914735401